## 8. ሃይማኖት

ናይ እምነትን ሃይማኖትን ነጻነት ሓደ ካብቲ ናይ ወዲ ሰብ መሰል እዩ። ብከምኡ ካኣ በ ዓንቅጽ 15 ኣብ ናይ ስዊዝ ቅዋም ጸዲቁ ይርከብ፡ እዚ ናይ ሃይማኖት ነጻነት ካኣ ናይ ነፍስ ወከፍ መሰል እዩ፡ ነጻ ኮይኑ እቲ ዝኣምኖ ሃይማኖት ክከተል መሰሉ እዩ፡ እዚ ሕጊ ካኣ እንድሕር ናይ ስዊዝ ዋላ ናይ ካንቶን ሕጊ ምስ ዘይንጥሕስ እዩ ዘገልግል።

ብመሰረት ኣቆራጽራ ናይ ቡንደስ ኣምት ካኣ 65 ሚእታዊት ሕዝቢ ሰዊዝ ተከተልቲ ናይ ሮማ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያንን ኢቫንግሊሽ ቤተ ክርስትያን እዮም፡ ልዕሊ 20 ሚእታዊት ካኣ ሃይማኖት ዘይብሎ እዮም፡ ዳርጋ 6 ሚእታዊት ካኣ ካልእ ሃይማኖት ከም ባዓል ኣስላም ህንዱስ ቡዲሙስ ኣይሁድን ይርከብዎም፡

ብዛ ዕባ ሕቤሬታ ኩለን ሃይማኖት ዞባ ካኣ ኣብ ኢንተርነት www.inforel.ch ትረክቦ።

## 9. ጥዕና

ናይ ባዕልካ ጥዕና ክህልወካ እቲ ዝበልጸ ጸጋ እዩ፡ ወጻእተኛታ ግን ናቶም ዝኮነ ፍሉይ ድሌት ንጥዕና ዝምልከት ኣለዎም፡ እቶም ሓደሽቲ ኮይኖም ካኣ ብዙሕ ሕቶ ብዛ ዕባ ጥዕና ይሓቱ፡ ን ኣብነት መሔከሚ ክንደይ ዋግ ኡ፡ ኣብ ስዊስ ናይ ሕሙም መሰሉን ድቡኡን ከመይ እዩ፡ ኣሎ ድዩ ክ ብ ዛዕባ ጥ ዕና ሓቤሬታን ምክርን ብ ዝተፈላለየ ዝገልጽ ጽሑፍ፡

ነዚ ሕቶታት ንምምላስ ካኣ ቀይሕ መስቀል ስዊዝን መንገዲ ጥዕና ዝመርሑ ትካል ስዊዝ ኣብ

መንገዲ ጥዕና ዝመርሑ ትካል ስዊዝ ካኣ ብ ዝተፈላላዩ 19 ቓንቓታት ኣብ ኢነርትነት ኣቅሪቦም ኣለው።

www.migesplus.ch

ራድዮ X Radio X ካኣ ንመንገዲ ጥዕና ዝመርሑ ትካል ስዊዝ ምርኩስ ጌሩ ብዛ ዕባ ጥ ዕና ዝገልጽ ብነጻ ኣገክግሎት ኣብ ራዲዩ ተመሓላልፍ።ኣብ ኢነርቴት ካኣ www.radiox.ch ኣብ ትሕቲ Kampagnen ይርኽብ።